FLÜCHTLINGSRAT BERLIN e.V.

Menschenrechte kennen keine Grenzen

Flüchtlingsrat Berlin e.V.
Greifswalder Straße 4
10405 Berlin
Tel: (030) 224 76 311
Fax: (030) 224 76 312
buero@fluechtlingsrat-berlin.de
www.fluechtlingsrat-berlin.de

**ትሕዝቶ ናይ ዕለት 16. መጋቢት 2020**

## ኮሮና ቫይረስ ኣብ በርሊን - ሓበሬታ ንስደተኛታት

ኣገዳሲ፡ ኣብ ኢንተርነት ብዙሕ ጌጋ ዜናታትን ብዛዕባ ውዲትን ተዘርጊሑ ኣሎ። እዚ ጽሑፍ እዚ ኣብ በርሊን ንዘለው ስደተኛታት ብዛዕባ ህልው ኩነታት ሓበሬታ ዝህብ ኢዩ።
እዚ ነቕርቦ ሓበሬታት ካብ እሙንን ወግዓዊ ምንጭታት ኮይኑ ትሕዝትኡ ናይ ዕለት 16. መጋቢት 2020 ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኢዩ። እዚ ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ይርከብ:
**https://fluechtlingsrat-berlin.de/aktuelles/news-und-termine/**

**1) <u>መግስታዊ ትካላትን ቤት ፍርድን ከመይ ይሰርሑ?</u>**

### Landesamt für Flüchtlingsangelegenheiten LAF:

ዛጊት ንፈልጦ ዝኾነ ናይ ስራሕ ገደባት የለን። ንህልው ኩነታት ኣብዚ ዝስዕብ ወብሳይት ተኸታተሉ www.berlin.de/laf/
ብቴሌፎን፣ ብኢመይል ወይ ብፋክስ እቲ ዝተዋህበኩም ቆጸራ ኣብ መዓልቱ ዝፍጸም ወይ ዝዕየ ምኻኑ ሕተቱ። እቲ ዝውሃበኩም ናይ ገንዘብ ሓገዛት ብፖስታ፣ ብፋክስ ወይ ብኢመይል ክናዋሕ ዝኽእል ኣንተኾይኑውን ሕተቱ። ከም ኣድላይነቱ ብጽሑፍ፣ ብፋክስ ወይ ብኢመይል መመልክቲ ኣቕርቡ።

### Landesamt für Einwanderung LEA (Ausländerbehörde):

ኣብዚ እዋን ንተጠቀምቲ ብዘይ ቆጸራ ኣገልግሎት ኣይወሃብን ኢዩ።
ንኣብ በርሊን ዝቕመጡ ሰባት እሞ ቆጸራ ዘይብሎም፡ ጉዳዮም ብከምዚ ዝስዕብ መስርሕ ይካየድ፡
እቲ ድሩት ዝኾነ ናይ መንበሪ ፍቓዶም ዝወድቀሉ መዓልቲ እንተ ኣኺሉ (ንምሳሌ **Aufenthaltstitel, Duldung, Grenzübertritts-bescheinigung** ወዘተ) ናይ ወጻእተኛታት ጉዳይ መሳለጢ ማዕከን (LEA/ Ausländerbehörde) ወግዓዊ ስርሑ ክሳብ ዝጅምር ነቲ መንበሪ ፍቓድ ከምዘይወደቐ ኢዩ ዝምልከቶ።

- እዚ፡ ነቲ ኣብቲ መንበሪ ፍቓድ ዘሎ ካልፍቓድ ውን ይምልከት። ብዝያዳ ድማ ነቲ ናይ ስራሕ ፍቓድ።
- ብዘይ ቆጸራ ንዝመጸእ ሰብ፥ እቲ መንበሪ ፍቓድ ከምዘለዎ ቀጻሊ ከገልግል ከምዝኽእል ዝገልጽ ጽሑፍ ጥራሕ ኢዩ ዝውሃቦ።
- ምጋሽን ካብ ካልእ ሃገር ናብ ጀርመን ንምእታውን ግን መዓልቱ ዘይሓለፈ ናይ መንበሪ ፍቓድ እንተለካ ጥራይ ኢዩ ዝፍቀድ።

ብዛዕባ ህልው ኩነታት፥በጃኹም ኣብዚ **www.berlin.de/einwanderung/** ተኸታተሉ። ብቴሌፎን፣ ብኢመይል ወይ ብፋክስ እቲ ዝተዋህበኩም ቆጸራ ኣብ መዓልቱ ዝፍጸም ወይ ዝዕየ ምኻኑ ሕተቱ።

### Bundesamt für Migration und Flüchtlinge BAMF:

ዛጊት ንፈልጦ ዝኾነ ናይ ስራሕ ገደባት የለን። ብቴሌፎን፣ ብኢመይል ወይ ብፋክስ እቲ ዝተዋህበኩም ቆጸራ ኣብ መዓልቱ ዝፍጸም ወይ ዝዕየ ምኻኑ ሕተቱ። ከም ኣድላይነቱ ብጽሑፍ፣ ብፋክስ ወይ ብኢመይል መመልክቲ ኣቕርቡ።

### Jobcenter und Sozialämter:

እዚኦም ውሑዳት ጉዳያት ጥራሕ ኢዮም ዘስተናግዱ/ዝሰርሑ። በጃኹም ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ጆብሰንተርን ሶሻልኣምትን ወብሳይት ተኸታተሉ
https://service.berlin.de/jobcenter/
https://service.berlin.de/bezirksaemter/
ብቴሌፎን፣ ብኢመይል ወይ ብፋክስ እቲ ዝተዋህበኩም ቆጸራ ኣብ መዓልቱ ከምዝፍጸም ምኻኑ ሕተቱ። እቲ ዝውሃበኩም ናይ ገንዘብ ሓገዛት ብፖስታ፣ ብፋክስ ወይ ብኢመይል ክናዋሕ ዝኽእል ኣንተኾይኑውን ሕተቱ። ከም ኣድላይነቱ ብጽሑፍ፣ ብፋክስ ወይ ብኢመይል መመልክቲ ኣቕርቡ።

### Verwaltungsgericht/ ናይ ምሕደራ ቢትፍርዲ፡

ኣብዚ እዋን ብዙሓት ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራትት ይስረዙ ኣለው። ብቴሌፎን፣ ብኢመይል ወይ ብፋክስ እቲ ዝተዋህበኩም ቆጸራ ኣብ መዓልቱ ዝፍጸም ወይ ዝዕየ ምኻኑ ምኻኑ ሕተቱ። ከም ኣድላይነቱ ብጽሑፍ፣ ብፋክስ ወይ ብኢመይል መመልክቲ ኣቕርቡ።

### 2) ናይ ኣስቤዛ ድኳናት ካልኦት ድኳናት፣ፋርማሲን ሓካይምን ይኸፍቱ ድዮም?

ናይ ኣስቤዛ ድኳናት፣ፋርማሲን ሓካይምን ይኸፍቱ ኢዮም። ከምኡውን ፖስት፣ ባንክ፣ ናይ ሕክምና ኣቑሑት ዝሸየጠሎም ድኳናት፣ ናይ መጸራረይ ዝሸየጠሎም ድኳናት፣ እንዳ ቀምቃማይ/እንዳ ስነጽባቐ ጵጉሪ፣ መሕጸቢ ክዳውንቲ፣ ክዮስክ፣ናይ ህንጻን ናይ ጀርዲንን፣ ናይ እንስሳታት ኣቑሑትን፣ ዓበይቲ መከፋፈልትን ክፉት ኢዩ። ካልኦት ድኳናት (ንምሳሌ ናይ እንዳ ክዳውንቲ፣ ጫማታትን ድኳናት) ክዕጾ ኢዩ። እንዳ ሓካይም ክፉት ኢዩ።

### 3) ትምርቲ፣ መዋእለ ህጻናት፣ ናይ ቋንቋ ትምርትን ናይ መዘናግዒ ቦታንከ ከመይ ይመስል?

ኣብ በርሊን ኩሎም መዋእለ ህጻናት፣ ትምርትን ዩንቨርስቲታትን ክሳብ ዕለት 19. ምያዝያ 2020 ክዕጸው ኢዮም።
ኣብ ንህዝቢ ኣድላይ ዝኾኑ ቦታት (ንምሳሌ ከም እንዳ ኣስቤዛ ድኳን፣ ኣብ ናይ ጥዕና ማዕከን፣ ኣብ ጽሬት ናይ ሆስፒታል፣ ኣብ ናይ መብራህቲ ሓይልን) ትሰርሑ እንተኾንኩም፡ ኣብቲ ናይ ደቅኹም ትምርትን መዋእለ ህጻናትን ናይ ቆልዑት ኣለይቲ ክፍቀደኩም ከተመልክቱ ትኽሉ ኢኹም። ነዚ ዝኸውን ቅጥዒ ብጀርመን፣ ኢንግሊሽ፣ቱርክን ዓረብን ኣብዚ ዝስዕብ ኢንተርነት ክትረኽቡ ኢኹም።
https://www.berlin.de/sen/bjf/coronavirus/aktuelles/#selbstkita

ክሳብ ዘይተፈለጠ ግዜ ዝኾነ ዓይነት ናይ ቋንቋ ትምርቲ የለን። ላይብረሪ፣ ቤተመዘክር፣ ሲነማታት፣ ዲስኮን ባራትን ዕጽው ኢዩ። ናይ ስፖርት ክለባት፣ ጂምን መሕንበስን ዕጽው ኢዩ። ኣከፋፍታ ናይ ቤት ምግብታት ገና ኣይተፈልጠን። ናይ ቆልዑት መጻወቲ ቦታትውን ዕጽው ኢዩ።

ኣብ ሆስፒታል ጽኑዕ ሕግታት ኣሎ። ምብጻሕ ዝፍቀድ ንትሕቲ 16 ዓመት ዝኾኑን ኣዝዮም ንዝሓመሙን ጥራይ ኮይኑ ንሓደ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ኢዩ።

### 4) ኣበይ ኢየ ሓገዝ ዝረክብ?

ኮረና ከምዝሓዘኩም እንተተጠርጢሩ፡
ናብ ሓኪም ደውሉ እምበር ኣይትኺዱ። እንተተዕጽዩ ናብቲ ሓበሬታ ክህብ ቅሩብ ዝኾነ ናይ ሕክምና ማሕበር ብቁጽሪ ቴለፎን 116117 ደውሉ።
ናብ ናይ ጥዕና ሴናት ብምድዋል ውን ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ክሳብ ሕጂ ብጀርመን ጥራይ ኮይኑ ብቁጽሪ ቴለፎን 030/90282828 መዓልታዊ ካብ ሰዓት 8:00 – 20:00 ክትድውሉ ወይ ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ናይ ጥዕና ማዕከን በዚ https://service.berlin.de/standorte/gesundheitsaemter/ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ኮሮና ዝሓዞ ሰብ ተራኺብኩም እንተኔርኩም ወይ ኣብ ኮሮና ዝተትሕዙ ዓድታት እንተኔርኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ቦታታት ምርመራ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ዝግበር ሓኪምኩም ወይ ናይ ጥዕና ማዕከን ምርመራ ንክትገብሩ እንተሓቢሮምኹም/እንተኣማኺሮምኹም ኢዩ።

- **Charité-Standort Virchow** in **Wedding** (Mittelallee 1; ካብ ሰዓት 8:00 bis 16:00)
- **Gemeinschaftskrankenhaus Havelhöhe** ኣብ **Spandau** (Kladower Damm 221, Haus 16, ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9:00-20:00), ቅድሚ ምኻድኩም ናብቲ ክሊኒክ ብቁጽሪ ቴለፎን 030/36501-7222 ደውሉ።
- **Vivantes-Klinikum** in **Prenzlauer Berg** (Diesterwegstraße, ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ሰዓት 10:00-19:00, ቀዳምን ሰንበትን ካብ ሰዓት 10:00-17:00),
- **Vivantes-Wenckebach-Klinikum** in **Tempelhof** (Albrechtstraße, ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ሰዓት 10:00-19:00, ቀዳምን ሰንበትን ካብ ሰዓት 10:00-17:00)
- **Evangelisches Krankenhaus Königin Elisabeth Herzberge** in **Lichtenberg** (Herzbergstraße 79, Haus 19, ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ሰዓት 10:00-19:00, ቀዳምን ሰንበትን ካብ ሰዓት 10:00-17:00)
- **DRK-Klinikum Westend** in **Charlottenburg-Wilmersdorf** (Spandauer Damm 130, Haus 10, ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ሰዓት 9:00-15:00)

ንህጹጽ ዝኾነ ብኮሮና ምኽንያት ዝመጽእ ክርክራት ኣብ ትነብሩሉ ሃይም እዞም ዝስዕቡ ማሕበራት ነገራት ምህዳእ ክተሓባበሩኹም ይኽእሉ ኢዮም።

ብዓረብ: BBZ (Beratungs- und Betreuungszentrum für junge Flüchtlinge und Migrant*innen):
Tel 030 66640720/23

ብፋርሲ: Yaar e.V.: Tel 030 23407217, info@yaarberlin.de ከምኡ ውን
Verein iranischer Flüchtlinge: Tel 030 62 98 15 30, VereinIranischerFluechtlinge@gmx.de

### 5) ኣብ ገዛ ምዕጻው ወይ ናይ ገዛ ካራንቲን እንታይ ማለት ኢዩ?

ንስኹም ወይ ስድራኹም ብኮሮና ቫይረስ እንተታሒዝኩም ካብ ገዛኹም ከምዘይትወጹ ይግበር። ናይ ብሕትኹም ሽቓቕን መሕጸብ ነብስን እንተ’ለኩም ን14 መዕልታት ካብ ገዛ ክትወጹ ኣይፍቀድን ኢዩ። እዚ ብሕልፊ ምስ ቆልዑት ኣዚዩ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ኣገዳሲ ጉዳይ ስለዝኾነ ህድእ ኢልኩም ናይ ቴለፎን ርክብ ምስ ቤተሰብኩምን መሓዙትኩምን ክህልወኩም ይግባእ።

ኣብ እትነብሩሉ ሃይም ካልኦት ሰባት እንተ ተታሒዞም፡ ንኩሉ ሰብ ወይ ብከፊል ካብቲ ሃይም ምውጻእ ክኽልከል ይኽል ይኸውን። እዚ ምስዘጋጥም ህድእ ኢልኩም እንታይ ዓይነት ጠለባት ናብቶም ሓለፍቲ ከምተቕርቡ ሕሰቡ። ንምሳሌ ነጻ ዋይፋይ ንኹሉ ሰብ። እዚ እንተ ኣጋጢሙ ምግቢ እንታይን ብከመይን ክመጽእ ከምዝኽል ምስቶም ሓለፍቲ ምዝርራብ።

## 6) <u>ኣበይ ኢየ ተወሳኺ ሓበሬታት ክረክብ ዝኽእል?</u>

ንእዋናዊ ሓበሬታት ኣብ በርሊን፡ ኣብ ናይ „Tagesspiegel“ ኢንተርነት:

ዓረብ: https://www.tagesspiegel.de/berlin/-----/25646660.html?fbclid=IwAR0OzX24aH-PQfqkaxvSluo1HVFEf0IoX7Xd8kt-VtwgJx2OBQyEu3Rz-sY
ኢንግሊሽ: https://www.tagesspiegel.de/berlin/closures-hotlines-contact-points-coronavirus-in-berlin-what-you-need-to-know-and-where-you-can-get-help/25646676.html

ቱርኪ: https://www.tagesspiegel.de/berlin/kreler-okullar-yasaklar-corona-virues-berlinde-bunlar-bilmeniz-gerekiyor-buralardan-yardm-alabilirsiniz/25646838.html

ጀርመን: https://www.tagesspiegel.de/berlin/coronavirus-in-berlin-schulen-und-kitas-geschlossen-was-sie-wissen-muessen-wo-sie-hilfe-bekommen/25616798.html

ማእከላይ ፌደራል ናይ ጥዕና ንቕሓት፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዛዕባ ምልጋብ ሕማም ምክልኻል ሓበሬታ ይህብ:
https://www.bundesregierung.de/breg-de/themen/coronavirus/hygiene-advice-1730352
(ብጀርመን፣ ብኢንግሊሽን ፈረንሳይን)

Robert-Koch-Institut ብቑዕ ዝኾነ ዝተረጋገጸ ሓበሬታት ብዛዕባ ኮሮና ይህብ።
ብኢንግሊሽ: https://www.rki.de/EN/Home/homepage_node.html
ብጀርመን፡ https://www.rki.de/DE/Home/homepage_node.html